# ዳዕሮ ናይ መንእሰይ ፕሮጀክት

ዓመታዊ ጸብጻብ
ናይ 2019 - 2020



# ትሕዝቶ

ንመጻኢ ጊዜ.....3

ናይ 2019 - 2020 ውጺኢታት.....6

ዳዕሮ መንእሰይ.....7

እንጀራ ክለብ.....9

ኮቪድ -19.....11

ጉዳያዊ ዕዮ.....14

ሞገተ.....19

ጉጅለ ናይ ዳዕሮ መንእሰይ.....20

ናይ ፊናንስ ሓፈሻዊ መግለጺ.....22

ምስካጋና.....23

በዓል ሕድሪ ኣማሓደርቲ.....24

# ንመጻኢ ጊዜ

ዝከበርኩም ኣሕዋት ፣

ኣብ መወዳዕታ 2017 ፣ ብዙሓት መንእሰይ ኤሪትራዊያን ዑቕባ ሓተቲ ሂወቶም ስለዘጥፍኡ ኣብ ከባቢ ዝርከብ ናትና ሕብረተሰብ ብሓደ ብምርኻብ ሓዚና ፣ ነዚ ኣጋጣሚ ብምጥቃምን ንሕና ዝሃብናዮ መልስን ። እዚ ናይ እዞም መንእሰያት ሞት እዚ ከኣ ነቶም ካልኦት መንእሰያት ብሰፊሑ ኣብ ሕብረተሰብ ዝርከቡ ማዕረ ኽንደይ ይጎድኦም ከምዝነበረ ከኣ ንሕና ክንዕዘብ ኪኢልና – ከምኡ እውን ንሕና ብዝተኻእለና መጠን ክንሕግዝ ዝኾነ ነገር ክንገብር ከምዘለና ወሲና ። ነዞም መንእሰይ ዝኾውን ሂወቶም ትርጉም ዘለዎ ክኾነሎምን ተስፋ ክንህቦምን ፣ ጽኑዕ ዝኾነ ሕብረተሰብ ክንምስርት ሓሲብና ።

ኣነን ዝተወሰኑ ገበርቲ ሰናይ ጉጅለን ኮይናን ፣ እቲ ንሕና ንህቦ ሓገዛት ነዞም መንእሰያት ከመይ ጌርና ዚያዳ ከንብዝሖ ንኽእል ከምኡ እውን እዞም መንእሰያት እዚኦም በይኖም ካብ ኤርትራ ዝመጹ ኣብ ሂወቶም እንታይ ዓይነት ለውጢ ክንገብረሎም ንኽእል ብምባል ። እቲ ምስ ናይ ከባቢ ሕብረተሰብ ዝተገበረ ኣኼባታት ከኣ ነቲ ፕሮጀክትና ዝኸውን ናይ ሕድሪ መራሕቲ ክንመርጽ መሪሑና ፣ ከምኡ እውን ካብ ገበርቲ ሰናይ ሓገዛት ክንረክብ ።

ኣነን በንጃሚን (በኒ) ከምኡ እውን እቶም ካልኦት ናይ ሙሉእ ሰራሕተኛታት ስለዝኾና በቲ ዝነበረና ናይ ሕጽረት ጊዜ ከይተወሰና ቀዳም ናይ ንግሆ ኣብ ማክዋላንን ኮስታን እንዳተራኸብና ብሓደ ኮይና ነቲ ፕሮጀክትና ክንጅምሮ ተሰማሚዕና ።

ኩሉ ነገራት እንዳተሳለጠ ኮይኑ ምስ ተሰማዓና ከኣ ዘሕዝን ነገር ካልእ መንእሰይ ከኣ ነብሱ ቀቲሉ ሞይቱ ፣ እዚ ከኣ ንኹሉና ብጣዕሚ ከቢድ ኩነታት እዩ ኔሩ ፣ ብሕልፊ ከኣ ነቶም ናይ ቀረባ ኣዕርኽቱ ። እዚ ኩነታት እዚ ከኣ ንሕና ዚያዳ ተቓላጢፍና ነቲ ፕሮጀክት ናይ መንእሰይ ክላብ ክንጅምሮ ስጉምትታት ክንወስድ ኣኽኢሉና – ናትና ሕብረተሰብ ዝእከብሉ – እዚ ከኣ 'Injera Club' 'ኢንጀራ ክላብ ' ተባሂሉ ክጽዋዕ ተጀሚሩ ፣ ከምኡ እውን ብዝተኻእለና መጠን ነቶም ክንረኽቦም ዝኽኣልና መንእሰያት ከኣ ክንዕድም ኪኢልና ።

እቲ ናይ መጀመሪያ መዓልቲ ዘዳለናዮ ናይ Injera Club 'እንጀራ ክላብ" ከኣ ኣብ ድሕሪት ጃርዲን ቤትጽሕፈት ናይ South London Refugee Association (SLRA) (ሳውዝ ሎንዶን ረፉዩጂ ኣሶስየሽን) (ሰ.ለ.ረ.አ) ደቡባዊ ሎንዶን ናይ ስደተኛታት ማሕብር ኣብ ጊዜ ቆውዒ 2018 እዩ ኔሩ ። ኣነ ን Celia (ሲሊያ) ኣብ SLRA (ሰ.ለ.ረ.አ) ፍልይ ዝበለ ምስጋናይ ከቕርብ ይፈቱ ፣ ከምኡ እውን ነቶም ጉጅለ ካብ መጀመሪያ ጀሚሮም ዝሃቡኒ ሓገዝን ምኽርን ምስጋናይ ከቕርብ ይፈቱ ። ብድሕሪኡ ከኣ Youth Centre (ዩዝ ሰንተር) ናይ መንእሰይ ማእከል ኣብ Knights (ናይትስ) ዝርከብ ከኣ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2018 ማዕጾ ተኸፊትሉና።

እዚ ካብ እቲ መበቆል ናይዚ ፕሮጀክት ስጋብ ሎሚ በጺሕናዮ ዘለና ደርጃ ክሪኢይ ከለኹ ፣ ኣነ ብጣዕሚ ኩርዓት እዩ ዝስመዓኒ ። ካብ እቲ ኣብ መጀመሪያ ወለሓደ መንእሰይ ዘይመጽእ ዝነበረ ሕጂ ክንሪኦ ከለና ነዊሕ ጉዕዞ ኢና ተጓዒዝና - ኣብ እቲ መጀመሪያ ንገብሮ ዝነበርና ኣኼባታት ኣነን Ben (በን) ን በይንናን ኮፍ ኢልና ነሕልፎ ኔርና ፣ ሕጂ 48 መንእሰያት ኣብ ሓደ ሰሙን ውሽጢ ክሳተፉ ከለው ብዙሕ ምዕባለታት ኢና ጌርና ።

ልዕሊ 300 መንእሰያት ዑቕባ ሓተቲ ደሕንነቱ ብዝተሓለወ መንገዲ ተራኺቦም ዝዘናግዕሉ ቦታ ኣዳሊና ፣ ምስ ካልኦት ከምዝራኸቡን ከም ኣብ ሕብረተሰብ ከምዘለውን ናይ ወለዲ መቐረት ወይ ከኣ ስሚዒት ክህልዎም መታን ከምኡ እውን በይኖም ከምዘይኮኑ ክስምዖም መታን ክሕግዞም መታን እዩ ። ኣብ እዚ ናይ ምውሻብ ጊዜ እዚ ብሕልፊ ነዞም መንእሰያት ብጣዕሚ ኣሸጋሪ ዝኾነ ጊዜ እዩ ፣ ካብ ሰብ ተነጺሎም ክነብሩ ከቢድይ እዩ ፣ እንተኾነ ግን ንሕና ነዞም መንእሰይ ብቴሌፎን ደዊልና ክንሕግዞም ኪኢልና ከምኡ እውን ልዕሊ 350 ኣብ ገዛ ዝተሰርሐ ጥቕላል መግብታት ናብ እቶም መንእሰያት ከነብጽሕ ኪኢልና፣ ከምኡ እውን ናይ ኢድ መጽረይን ናይ ገጽ መሸፈኒ ማስክ ከኣ ከነብጽሓሎም ኪኢልና ።

ኣብ ሚያዝያ 2020 ፣ ኣብ መወዳእታ Da'aro Youth Project (ዳዕሮ ዩዝ ፕሮጀክት) ዳዕሮ ናይ መንእሰይ ፕሮጀክት ብወግዓዊ እዚ ትካል ናይ ገበርቲ ሰናይ ትካል ከምዝኾነ ከነምዝግብ ኪኢልና ። እዚ ናይ ገበርቲ ሰናይ ትካል ክዕወት ዘኽኣሎ ከኣ በቲ ዝተገበረ ብርቱዕ ጻዕርታት ብኹሎም ኣብ እዚ ሕብረተሰብ ዝርከቡ እዩ ። Da'aro Youth Project (ዳዕሮ ዩዝ ፕሮጀክት) ዳዕሮ ናይ መንእሰይ ፕሮጀክት ቀጻሊ ካብ ምድልዳል ናብ ምድልዳል እንዳዓበየ ከምዝከይድ ከኣ ኣነ ወለሓንቲ ኣይጠራጠርን እየ። ነዚ ሚሲዮን እዚ ክንዕወት ዘብቅዓና ነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝሓገዘና ከኣ ከመስግኖ ይፈቱ ።

እቲ ቀጻሊ ትህቡና ሓገዝ ነመስግነኩም ።



## DEHAB WOLDU (ደሃብ ወልዱ)

መስራቲትን ናይ ትኻል ኣማሓደሪትን

# ናትና ናይ 2019 + 2020 ውጺኢታት






## 300+

ሰባት መንእሰያት ክንራኸብ ኪኢልና

## 2,000+

ኣብ INJERA CLUB `ኢንጀራ ክላብ" ተሳቲፎም

## 30

ሰባት ብዛዕባ ጉዳያቶም ሓጊዝና

## 350

ጥኞላል መግብታት ኣብጺሕና

# ዳዕሮ መንእሰያት

ዳዕሮ ዩዝ ፕሮጀክት) ኣብ 2018 እዩ ተመስሪቱ ፣ እዚ ከኣ በቲ ዘጋጠመ ዝተወሰኑ ቁጽሪ ኤሪትራዊያን መንእስያት ነብሶም ዝቐተሉ ሰንኪ፣ ብናቱ መልሲ ብምሃብ ፣ ኣብ ሎንዶን ዝቐጠሉ ኤሪትራዊያን ኣባላት ማሕብረ ሰብ ተመስሪቱ ። ኣብ 2017 ፣ 2018 ን 2019 ካብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናብ ሃገር ብሪጣኒያ ትሕቲ ዕድመ ብዘይወለዶም ተሰዲዶም ዝመጹእቲ ዝለዓለ ቁጽሪ እዩ ኒሩ ።

ዑቕባ ሓተቲ ቆልዑትን መንእሰያትን ድሕሪ ብጣዕሚ ዘስካክሕን ዘሰምንድን ጉዕዞ ብ ሳሃራ ምድረበዳ ጌሮም ብ Libya (ሊቢያ) ጌሮም ባሕሪ ናይ Mediterranean (ሜዲትራኒያን) ሰጊሩኦም ዶብ ናይ Europe (ዩሮፕ) ሰጊሮም ብ Calais (ካሊስ) ጌሮም ኣብ እዚ ሃገር ይበጽሑ ። ሓንሳብ ኣብ እዚ ምስ በጽሑ ከኣ እቲ ሓድሽ ሂወት ናብራ ናይ እዚ ሃገር ክለማመድዎ ብጣዕሚ ይኸብዶም ፣ ቤተሰቦም ይናፍቑ ከምኡ እውን እቲ ናይ እዚ ሃገር ኣገባብ ናብራን ናይ ዑቕባ ኣተሓትታ መንገዲ ምጣዕሚ ዘጨንቕን ከቢድ ኮይኑ ይረኽብዎ ። ንሳቶም ኣብ እዚ ካብ ሕብረተሰብ ምንጻልን ጽምዋን፣ ምድላውን ሓድ ሓደ ጊዜ እውን ናይ ጽልኢ ጸገማት ከይተረፈ ከኣ የጋጥሞም እዩ ።

ናትና ዓላማ ናይ እዞም መንእሰይ ስደተኛታት ኣብ ብሪጣኒያ ዝነብሩ ጥዕናን ጸጋን ምትብባዕን እዩ ፣ እዚ ከኣ ንፆፆም ብቐጥታ መንገዲ ብምሕጋዝ ፣ ኣብ ውሽጢ ናይ ኤሪትራዊን ዘሎ ማሕበረ ሰብ ዝተፈላለየ መራኸቢ መንገዲ እንዳገብረና ምስ እቲ ናይ ኤሪትራዊያን ዘሎ ሕብረተሰብ ከነራኽቦም ፣ ከምኡ እውን ብስም እቶም እንዳተመያየጥና ብስሞም እንዳተማጎትና እንዳተማጎትና ነቲ ዝግበር ዘይግቡእ ምድላውን (ንምሳሌ ኢሚግረሽን ሕግታት ክልውጥን) ዝኣመስለ ኣሰራርሓ መንገዲ ክእገድ ብሙጋትን ለውጥታት ክግበረሎም ብምሕታት ጥዕነኦምን ደሕንነትን ጸገኦምን ከይዳኸም ምሕጋዝ ። ንሕና እምነትና ዘላቕን ታኣማንን ድልዱል ዝኾነ ናይ ኤርትራ ማህበረሰብ መስሪትና ብዝበለጸ መንገዲ ነቶም መንእሰያት ዝተጓነዩ ኮይኑ ዝስምፆም ተስፋን ሞራልን ንማሃብ ዝኾነ እዩ ።





**ስእሊ 1**


ኣብ ላዕሊ: ናትና ናይ መጀመሪ *Injera Club (ኢንጀራ ክላብ)*

ኣብ ታሕቲ: *Table football (ተይብል ፎትቦል)* ናይ ጣውላ ጉዑሶ እግሪ ኣብ *Knights Youth Centre (ክናይትስ* ዩዝ ሰንተር

# ኢንጀራ ክላብ

ኣብ ሳውዝ ሎንዶን ደቡድ ሎንደን ሰሙናዊ ናይ መንእሰይ ክላብ ን ዕድሚኦም 14 ስጋብ 21 ዝኾኑ መንእሰይ ብዘይ ወለዶም ናብ እዚ ሃገር ዝመጹ ፣ ዑቕባ ሓተቲ ስደተኛታት ካብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝመጹ ፣ ኤሪትራዊያን ፣ ኢትዮጵያዊያን፣ ሱዳናዊያን ን ሶሞሊያዊያ ን (መሓዝቶምን) ነካይድ ። ኣብ እቲ Injera Club (ኢንጀራ ክላብ) መንእሰያት ምስ ካልኦት መንእሳያት ክላለዩን ፣ መዘናግዒ ጸወታት ፣ ኲል ፣ ተይብል ተኒስ ፣ ናይ እግሪ ክዑሶን ፣ ከምኡ እውን ባህላዊ ናይ ኤርትራ መግብብታት ነዳሉ ። ኣብ ኢንጀራ ክላብ ፍልይ ዝበለ በዓላት እንተ ድኣ ኣሎ ከኣ ነብዕሎ ፣ ንኣምነት ዕለትትውልዲ ፣ ወይ ከኣ በዓላት (ናይ ኤሪትራዊያን ልደት) ዝኣመስለ ፍልይ ዝበለ በዓል ብምግባር ። ኢንጀራ ክለብ ናይ ማሕበረ ሰብ መራኸቢ ቦታ ኢና ንህብ – ነቶም ኣብዚ ዝሳተፉ መንእሰያት ነንሕድሕዶም ብምርኻብ ፣ ባህላዊ መግቢ ክበልዑን ብቋንቋኦም ክዘራረቡ ክኽእሉ ቦታ ንህቦም ። ብመንገዲ ናይ ኢንጀራ ክላብ ነዞም ስሳተፉ መንእሰያት ሓደ ማሕበረሰብ ክንምስትርት ኢና ንጽዕር ዘለና ፣ መታን ናይ እዞም መንእሰያት ጸጋን ጥዕናን ደሕንነትን ዝተማልአ ክኸውን ንምሕጋዝን ድልዱላት ንቡር ዝኾነ ናብራ ክህልዎም መታን።






**ስእሊ 2**

ናናትና ሰሙናይ ዝርከቡ ሰባት ኣብ እንጀራ ክላብ ኣብ *2019* ብምይሉእይ *(ጻሕዳ)* ን ክንከፍቶ ዝኸኣልናሉ ጊዚያት ኣብ *(2020)* *(ሓኩሙሸታዊ)* ።

ንሕና ን Knights Youth Centre (ክናይትስ ዩዝ ሰንተር) እቲ ቦታ ኣብ Streatham Hill (ስትረትሃም ሂል) ዝርከብ ክሸነን ፣ ረኮርድ (ክዳሕ) ዝግበረሉ ስቱድዮን ናይ ስፖርት ኣዳራሽን ክንጥቀመሉ ስለ ዘፍቀዱልና ብጣዕሚ ኢና ነመስግኖም ።

ብድምር ስጋብ 328 መንእሰይ ካብ 2019 - 2020 ኣብ እቲ ዘዳለናዮ injera club (ኢንጀራ ክላብ) ተሳቲፎም ። ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ዘደንቕ መጠን ቁጽሪ መንእሰያት ስጋብ 2,155 ተሳቲፎም ።

ኣብ 2019 ሰሙናዊ ብገምጋም 31 መንእሰያት ኣብ እዚ injera club (ኢንጀራ ክላብ) ተሳቲፎም ፣ ከምኡ እውን ኣብ 2020 ሰሙናዊ (ኣብ እቲ ክንከፍቶ ዝኽኣልናዮ ጊዜያት) ብገምጋብ 29 መንእሰያት ተሳቲፎም ።

ሓደ ናይ ሶሻል ዎርከር ሕብረተሰብ ሰራሕተኛ ንመንእሰያት እዚ እንጀራ ክላብ ኣገዳሲ ከምዝኮነ ገሊጹልና: "እቲ መንእሰይ መሓዙት ክገብር ኪኢሉ ፣ ጽቡቕ ተዛናጊዑ ፣ ምስ እቲ ማሕበረሰብ ተሓዊሱ ፣ ኣብ እዚ ጊዜ እዚ ዘድልዮ ተስፋን ሞራልን ሂብዎ - እቶም ኣለይቱ ናይ እዚ መንእሰይ እቲ መንእሰይ ንጽባሒቱ ልክዕ ከም ካልእ ሰብ ከምዝተቐየረ" ከኣ ሓቢርታትና ።

እቶም መንእሰያት ንዓና ምስ ሕብረተሰብና ምርኻብ ንዖዖም ማዕረ ክንደይ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ሓቢሮምና ፣ ኣብ እዚ injera club (ኢንጀራ ክላብ) ምስ መሓዙት ምልላይ ፣ ከምኡ እውን ምስ እቶም ኣብ ሕብረተሰብ ዝርከቡ ዓበይቲ ሰባት ምሕዋስን ምልልላይን ብጣዕሚ ጽቡቕ ከምዝኾነ ሓቢሮምና ። ሓደ ካብ እቶም መንእሰይ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉና: "ኣነ ኢንጀራ ክወሃበኒ ከሎ ኣብዚ ፣ ልክዕ ከም ኣደይ ድራር ትህበኒ ዘላ ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ "።



# COVID-19 (ኮቪድ-19)

2020 ንኹሉ ሰብ ብጣዕሚ ከቢድ ጊዜ እዩ ኔሩ – እንተኾነ ግን ንሕና ነቶም ሓደስቲ መንእሰያት ናብዚ ሃገር ዝመጹ ዑቕባ ሓተቲ ዚያዳ ከቢድ ጊዜ ከምዝኮነ ኮይኑ እዩ ዝስመዓና ። በቲ ዘሎ እገዳን ምውሻብን ካብ ገዛ ክትወጽእ ዘይምፍቃድ ዝወጸ ኣዋጃት ሰንኪ ኣብ 2020 ብሙሉኡ ፣ ንሕና injera club (ኢንጀራ ክላብ) ክንከፍቶ ኣይከኣልናን ፣ በዚ ምኽንያት እዚ ከኣ ንሕና ብካልእ መንገዲ ነዞም መንእሰያት ክንረኽቦምን ሓገዝ ክንህቦምን ፈቲና ።

ንጹር ዝኾነ ብዝተፈላለየ ቋንቋ ዝተቶርጎመ ሓበሬታት ብዛዕባ ናይ ምውሻብ (ካብ ገዛኻ ዘይምውጻእ) ዝምልከት ሕግታትን ናይ ጥዕናንን ደሕንነትን ምህላው ብ ትግሪኛ ፣ ብኣምሓሪኛ ን ብዓረበኛ ን ብእንግሊዘኛን ቋንቋታት ኣቶርጉሚና ብ WhatsApp (ዋትስኣፕ) ብተሊፎን ጌርና ንመንእሰያት መልእኽቲ ሰዲድናሎም ።

ኣብ ጊዜ ናይ ሙሉ ሀገር ምውሻብ ወይ ከኣ ምዕጻው ጊዜ ስጋብ 350 ዝኣክል ዝተዓሸገ ኣብ ገዛ ዝተሰርሐ መግብታት ፣ እንጀራን ጸብሕን ኣብጺሕና ፣ እዚ ከኣ እቶም መንእሰይ ተዓጺዮም ተገሊሎም ዘለው ምስ ማህበረ ሰብ ርክቦም ክቕጽሉ መታንን ምስ ባህሎም ርክብ ክቕጽሉ መታን እዩ ። ከምኡ እውን ናይ ኢድ መጽረይን ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ (ማስክ) ከኣ ሰዲድናሎም ።

ኣብ እዚ ጊዜ ምውሻብ ዝነበረ ኣዋጅ ፣ ብኣማእት ዝጉጸር ተሌፎን ብምድዋል እቶም ናትና ሰራሕተኛታትን ገበርቲ ሰናይን ነቶም መንእሰያት ኩሉ ጊዜ ናብ እቲ ናትና ፕሮጀክት ዝሳተፉ ዘነበሩ እንተዋሓደ ሓንሳብ ደዊሎምሎም ።

ኣብ ግዜ ቆውዒ 2020 ብጉጅለ ኮይና ናብ Guildford (ጊልፎርድ) ኣብ እቲ ሩባታት ዘለሎዎ ብእግርና ክንጓዓዝ ኬንድና ኔራ ፣ ከምኡ እውን ኣብ ማእከል ከተማ ኬድና bowling (ቦውሊንግ) ከኣ ተጻዊትና ኔርና - ንኹሉ ሰብ ኣብ ጽምው ዝበለ ቦታ ቅያር ካብ ናይ London (ሎንዶን) ጉያ ጉያ ናብራ ቅያር እንተኾነና ኢልና ኢና ኣዳሊናዮ ። ሃገራዊ ምርጋጥ ኩነታት ምስተወደአ ኩሉ ነገራት ምስ ተኸፍተ ከምዚ ዓይነት መገሻ ወይ ከኣ ጉዕዞ ምንቅስቓሳት ከነዳሉ ብሃንቀውታ ንጽበ ።

ከምኡ እውን ኣብ ጊዜ ቆውዒ ኣዋርሕ Covid-Safe (ክቪድ-ሰይፍ) ናይ ኮቪድ ደሕንነት ዝተማልአ ኣብ ደገ ኣብ ደቡብ ሎንዶን ኣብ ፓርክ 12 ሻዕ Injera Club (ኢንጀራ ክላብ) ከኣ ከነካይድ ኪኢልና ።






CALIFORNIA
92

# ጉዳያዊ ዕዮ

ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ ነዞም መንእሰይ ዝኾውን ዘተኣማምን ቦታ ብምድላው ፣ እቶም መንእሰያት ኣብ እዚ ናይ injera club (ኢንጀራ ክላብ) ዝሳተፉ ኣብ ሓደገኛ እዋን ወይ ከኣ ቅልውላው ክኣትው ከለው ምሳና ክራኸቡ ምኽኣሎም ነመስግን ኢና ። ኣብ 2019 ን 2020 ንሕና ን 30 ዝኮኑ መንእሰያት ብዛዕባ ዝነበሮም ገቢድ ጸገማት ጉዳያዊ ዕዮ ከፊትና ክንሕግዞም ከለና ከኣ ብዛዕባ ዝነበሮም ጸገማት ክንማጎቶሎም ኪኢልና ። ከምኡ እውን ናብ ካልእ ትካላት ዝሕግዙ ኣማሓላሊፍና ፣ ከምኡ እውን ሓገዝን  ምኽርን ብምሃብ ፣ ነቶም መንእሰይ ርእሶም ኪኢሎም ክነብሩ ሓጊዝና ።

መንእሰያት ኣብብሪጣኒያ ምስ መጹ ብዙሕ ጸገማት የጋጥሞም እዩ – ብዛዕባ ናይ ዑቕባ ምሕታት ኣከያይዳ መንገዲ ጸቕጥታት የጋጥሞም እዩ ። ከምኡ እውን ብዛዕባ ናይ ዕድሚኦም ምርመራት ክግበረሎም ከሎ ዘጋጥሞም ፍርሕታት ፣ ምስ እቶም social services (ሶሻል ሰርቪስ) ናይ ሕብረተሰብ ኣገልግሎት ዘጋጥም ዘይምስምማዕን ክርክር የጋጥሞም እዩ ። ነዚ ኩሉ ዘጋጥሞም ጸገማት ከኣ ካብ ቤተሰቦም ተፋላልዮም ከምኡ እውን ካብ እቲ ባህሎምን ገዝኦምን ሪሒቖም ከለው እዩ ። ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ከኣ ንሕና ብዝተኻእለና መጠን ነዞም መንእሰያት እዚ ብጣዕሚ ከቢድ ዝኾነ ኩነታት ክንሕግዞም ክንፍትን ጸኒሕና ።




ምኽሪ

ምሙጋት

ናብ ካልእ ትካላት ምትሕልላፍ

ሓገዝ



ብዙሓት መንእሰያት ናይ ስነኣእምሮ ናይ ጥዕና ቁሉውላው ጸገማት ዘለዎም ንሕግዝ ኢና ። ሓደ መንእሰይ ብዘይ ድሌቱ መንበሪ ገዛ ዘይብሉ ኮይኑ ተሪፉ (International homeless) ፣ ከምኡ እውን ናብ France (ፍራንስ) ተመሊሱ ክኸይድ መዲቡ (ንሕና ከኣ ቀስ ጌርና ሓገዝ ከምዝረክብ ናይ ደሕንነቱ ኣብ ሓደጋ ክውዕል ከምዝኽእል ሓቢርና ፣ ከምኡ እውን ካብ social services (ሶሻል ሰርቪስ) ናይ ሕብረተሰብ ኣገልግሎት ሓገዝ ክረክብን ናብ ናይ ሕጹጽ ሕክምና ዝወህበሉ A&E (አ ን ኢ) ሕክምና ክወሃቦ) ሓጊዝናዮ። ንዝተፈላለዩ ሰባት ናብ ናይ ስነኣእምሮ ሕክምና ኣማኸርቲ ኣማሓላሊፍና ፣ ምርመራታት ክግበረሎም ቆጸራ ክግበረሎም ከሎ ከኣ ምስኦም ኣብ ጊዜ ቆጸራ ኬድና ። መብዛዕትኡ ንሕና ንመንእስያት ንህቦ ሓገዛት መዓልታዊ ብዛዕባ ስሚዒታዊ ጸገማት ዝምልከት እዩ - እዚ ከኣ ዚያዳ ዝገደደ እዩ ብሰንኪ እዚ ናይ Covid-19 (ኮቪድ-19) ሃገረ ከተት (ምውሻብ) ካብ ገዛ ክትወጽእ ዘይፍቀድ ምኳኑ ዚያዳ ነዚ ኩነታት ኣግዲድዎ እዩ ።

ከምኡ እውን ብዙሓት መንእስያት ብዛዕባ እቲ ዕድመ ትውልዶም ዝሃብዎ ፣ ብ Home Office (ሆም ኦፊስ) ወይ ከኣ ብ Children's Service (ቺልድረንስ ሰርቪስስ) ናይ ቆልዑት ኣገግሎት ፣ ወይ ከኣ በቶም ኣብ ከባቢ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት መንግስቲ ፣ ዕድመ ዘይተቐበልዎ ክኸውን ከሎ ። እቶም ንሕና ትሕቲ ዕድመ እዮም ኢልና ዝኣመናዮም ፣ ንሕና ናይ ድጋፍ ደብዳቤታት ወይ ቃለ ምስክር መንእሰይ ብዛዕባ ጉዳዮም ይግባ ክብሉ ከለው ኣብ እቲ ሕጋዊ ይግባ ክብሉ ንጉዳዮም ድጋፍ ክኾኖም መታን ።ተወሳኺ ናይ ስሚዒታዊ ሓገዛት ክንህብ ፈቲና ከምኡ እውን ነቶምመንእሰያት እቲ ዝሃብዎ ዕድመ ትውልዶም ዘይተቐበልዎም ብሰንኪ እዚ ከኣ ናብ እቲ ናይ NASS (ና.አ.ስ.ስ) ሓገዝ ዝወሃቦ ይመሓላለፉ ፣ እዚ ከኣ ነቶም ልዕሊ ዕድመ ዝኾነ ዑቕባ ዝሓተቱ ዝወሃብ ሓገዛት እዩ ፣ ገሊኦም ምስ ካልእ ልዕሊ ዕድመ ሰብ ኣብ ሓደ ክፍሊ ተካፊሎም ክነብሩ ይኽእሉ ወይ ከኣ ገሊኦም ኣብ ሆቴል ብዘይ ወለሓንደ ናይ ሕብረተሰብ ሰራሕተኛ ሓገዛት ወይ ክኣ ብዘይ ወለሓንቲ ናይ ፊናንስ (ገንዘብ) ሓገዛት ዘይወሃቦም ክምደቡ ይኽእሉ ።  ንሓደ መንእሰይ ድሕሪ እቶም ናይ ከባቢ መንግስቲ ቤት ጽሕፈት ልዕሊ ዕድመ እዩ ኢሎም ምስወሰኑሉ - ንሕና ንዕዑ ናብ Refugees at Home (ሬፊዩጂ ኣት ሆም) ዝበሃል ትካል ኣማሓላሊፍናዮ ፣ ናብ ትሕቲ NASS (ና.ኣ.ስ.ስ) ተመሊሱ ኔሩ ፣ ንሶም ከኣ ካብ ሓደጋ ነጻ ዝኾነ ካልእ መንበሪ ገዛ ረኺቦሙሉ ፣ ይግባ ኢሉ ጉዳዩ ኣብ ቤት ፍርዲ ተራኢሉ ፣ ንሕና ከኣ ምስኡ ኣብ ቤት ፍርዲ ከይድና ፣ ንሕና ብስሙ ጉዳዩ ክንማጎቶሉ ኪኢልና ፣ እቲ ቤት ፍርዲ ከኣ እቲ ጉዳዩ ተቐቢሉ ተዓዊቱ ፣ እቲ መንእሰይ ናብ ትሕቲ ምእላይ ተመሊሱ ። እዚ መንእሰይ ናብ እዚ ናትና ፕሮጀክት ምሳታፉ ቀጺሉ ።

መንእሰያት ምስ social services (ሶሻል ሰርቪስ) ናይ ሕብረተሰብ ኣገልግሎት ፣ ብዛዕባ እቲ ዝወሃቦም ዘሎ ኣገልግሎት ደረጃ (መጠን) ዘይምስምማዕ ከጋጥሞም ከሎ ንሕና ብሸሞም ተወኪልና ንማጎተሎም ። ንሕና ነቶም መንእሰያት እቲ ዘለዎም ጸገማት ተማጉይትና ፣ ብቐሊሊ እቲ ጸገሞም መፍትሒ ክንረኽበሎም እንተ ድኣ ዘይኪኢልና ከኣ ናብ ካልኦት ትካላት ክማጎቱሎም ዝኽእሉ ወይ ከኣ ኣብ ከባቢ ማሕበረሰብ ዝርከቡ ጠበቓታት ነመሓላልፎም ።

ነዞም መንእሰያት ንሕና ንሕግዞም ሓደ ካብ እቲ ቀንዲ ዘጋጥሞም ጸገማት ፣ ሕማቕ መንበሪ ገዛን ፣ መንበሪ ገዛ ዘይምህላውን እዩ ። ንሕና ዝተፈላለዩ መንእሰያት ወይ ኣብ ጽርጊያ ዝሓድሩ መንበሪ ገዛ ዘይብሎም ወይ ከኣ ኣልቦ ዝኾኑ ወይ ከኣ ፣ በቲ ክወሃብ ዘለዎ ኣገልግሎት ኣካይዳ መንገዲ ነቓዕ ወይ ከኣ ጨዳድ ዝሞልቁ እቶም መንበሪ ገዛ ዘይብሎም ምስ መሓዝቶም ዝነብሩ ዘለው ንሕግዝ ኢና ።ሓደ ጊዜ ሓደ መንእሰይ ንሕና ምስኡ ንሰርሕ ዝነበርና ካብ ሓደ መደቀሲ ባልዕ ዝመልእዎ (ድሕሪ ናይ ኣዋርሕ ዝኣክል ምክርኻር) ናብ ካልእ ክፍሊ ተቐይሩ፣ እቲ ዝቀየርዎ መደቀሲ ክፍሊ ከኣ ማይ ክሃርም ከሎ እቲ ገዛ ማይ ዝእትወ ከይኑ ጸኒሑ ። ድሕሪ እዚ ናብ ካልእ ዝማጎቱ ነቲ ጉዳይ ኣማሓላሊፍናዮ፣ ከምኡ እውን ናብ ናይ መንበሪ ገዛ ዝጣበቑ ጥበቓታት ፣ ነቶም ኣብ ከባቢ ዝርከቡ መንግስቲ ቤት ጽሕፈትን ን social services (ሶሻል ሰርቪስስ) ናይ ሕብረተሰብ ሰራሕተኛታት ቀልጢፎም ነዚ ጉዳይ መፍትሒ ክግብርሉ ደፋፊእናዮም ።

ኣብ እዚ ሰዓት እዚ ንሓደ ቆልዓ ስደተኛ ምስ ቤተሰቡ ክተኣኻኸብ ዘፍቅደሉ ሕጊ የለን። እቲ ዘሎ ምርጫ መንገዲ ንሓደ መንእሰይ ስደተኛ ዝተሓላለኸ ናይ ቪሳ ክወሃብ ምልክታ ምቕራብ ጥራይ እዩ ። ንሕና ንሾውዓተ መንእሰያት ጉዳያዊ ዕዮ ጌርና ካብ 'በቲ ሕጊ ዘይኮነስ ካልእ መንገዲ' ብምግባር ምስ ቤተሰቦም ክተኣኻኸቡ መታን ምልክታ ንኸቕርቡ ሓጊዝና – ካብኣቶም ኣርባዕተ ከኣ ናይ . DNA (ዲ.ነ.አ) ምርመራ ክገብሩ ቆጸራታት ፣ ናይ ስነ ኣእምሮ ሕክምና ምርመራ ክገብሩ ከምኡ እውን ናብ ጠበቓታት ከይተረፈ ኣማሓላሊፍናዮም ፣ ውጡር ዝኾነ ቆጸራታት ምስ ጠበቓታት ንኽሳተፉ ሓጊዝናዮም ፣ ከምኡ እውን ብዙሕ ዝርዝር ዘለዎ ናይ ድጋፍ ደብዳቤታት ጺሒፍናሎም ። እዚ ምልክታት ከነቕርብ ከለና እዞም መንእሰያት ብጣዕሚ ገቢድ ዝኾነ ጭንቀትን ፍርሓትን እዩ ዘለዎም ፣ ምኽንያቱ ብዛዕባ እቶም ዝፈትውዎም ናይ ቀረባ ቤተሰቦም ፣ ኣዲኦም ፣ ኣቡኦም ኣሕዋቶምን ኣሓታቶምን ኣብ ካልእ ሃገር ዘለው ፣ ኣብ France (ፈረንሳ) ፣

Saudi Arabia (ሳዕውዲ ዓረቢያ) ኣብ ኢትዮጲያ ኣብ ናይ ስደተኛታት ማዓስከር ከምኡ እውን ኣብ Sudan (ሱዳን) ዝርከቡ ብዛዕባ ደሕንነቶም ብዙሕ እዮም ዝሸገሩ ። ብዛዕባ እዚ ኩሉ ኩነታት እዚ ሓገዝና ቀጻሊ ኢና ንህብ ፣ ከምኡ እውን ሓደ መንእሰይ ሓው ኣብ እቲ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ናይ ትግራይ ናይ ውሽጢ ሃገር ውግዕ ሰንኪ ንእሽተይ ሓው ኣብኡ ተቓቒሩ ዘሎ ከይተረፈ ክንሕግዝ ንርከብ ።

ንሰለስተ መንእሰያት ኣብ ሆስፒታል ኬድና በጺሕናዮም – ክልተ ካብኣቶም ኣብ ናይ ትራፊክ ጵርጊያ ሓደጋ ዘጋጠሞም ክኾኑ ከለው ፣ ሓደ ካብኣቶም ከኣ ብዘይወለሓንቲ ምኽንያት መጥቃዕቲ ዝወረዶም እዮም ኔሮም። ኣብ ሆስፒታል ኬድና በጺሕናዮም ፣ መግብታት ወሲድናሎም ፣ በይኖም ክምዝኾኑ ከይስምዖምን ከይፈርሑን ከኣ ኣተባቢዕናዮም ።

ዓርባዕተ መንእሰያት ብዛዕባ ናይ ወንጀላዊ ፍትሒ ዝነበሮም ጸገማት ሓጊዝናዮም ፣ ናብ ብጣዕሚ ንፉዓት ዝኾኑ ጠበቓታት ኣማሓላሊፍናዮም ፣ ናይ ድጋፍ ቃለ ምስክር ጽሑፍ ኣዳሊናሎም ፣ ኣብ ቤት ፍርዲ ክርከቡ ከሉው ንሕና ምስኦም ተረኺብና (ሓድ ሓደ ጊዜ ኣብ ዝተፈላልየ ጊዚያት) ፣ ምስ ካልኦት ሓገዝ ዝህቡ ኣገልግሎታት ብምትእስሳር ከምኡ እውን ምስ ጠበቓታት ከምኡ እውን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኬድና ንእስረኛ ምብጻሕ ። ኣብ ናይ ወንጀል ፍትሒ ኣካይዳ መንገዲ ኣብ እዚ ሃገር ክኣትው ከለው በይኖም ቤተሰቦም ዝሕግዞም ወለሓደ ዘይብሎም ፣ እዚ ኩነታት እዚ ኣዝዩ ከቢድ ኮይኑ ክረኽብዎ ይኽእሉ እዮም ፣ ንሕና ከኣ ነዞም መንእሰያት እዚኦም እቲ ኣገባብ መንገዲ ከመይ ከምዝኾነ ክነረድኦም ክንሕግዞምን ንፍትን ፣ ከምኡ እውን ነዞም መንእሰያት ኣብ ከምዚ ዓይነት ሽግር ዝወድቁ ኩሉ ሰብ ካላኣይ ዕድል ከምዘለዎ ከነረድኦም ንፍትን ።

ካልኦት ዝተፈላልዩ ትካላት ምሳና ተሻሪኾም ዝሰርሑ ብዙሕ ዝተፈልላየ ጉዳያት ኣማሓላሊፍና ኢና ፣ እዚ ከእ ናብ ገበርቲ ሰናይ Young Roots (ያንግ ሩትስ) ፣ South London Refugee Association (ዛውዝ ሎንዶን ረፉዩጂ ኣሶስየሽንስ) ከምኡ እውን Off the Record Counselling (ኦፍ ዘ ረኮርድ ካውንስሊንግ) ፣ Baobab Centre (ባቦብ ሰንተር) ፣ May Gardens Project (መይ ጋርደንስ ፕሮጀክትስ) ፣ Victim Support (ቪክቲም ሳፖርት) ፣ Breaking Barriers (ብረኪንግ ባሪየርስ) ዝኣመሰሉ ናይ ገበርቲ ሰናይ ትካላት ብሓደ ተሻሪኽና ኢና ንሰርሕ ። ንኹሉኹም ምሳና ተሻሪኹም ትሰርሑ ትካላት ስለ ትገብርዎ ኩሉ ትጉህ ዝኾነ ስራሕ ነመስግነኩም ።





**ስእሊ 3**

ኣብ ላዕሊ: ናይ*Injera Club* (ኢንጀራ ክላብ) ክንስዕስዕ ዘዳለናይ ኣብ *Adulis restaurant* (ኣዱሊስ ረስቶራንት) በዓል ።

ኣብ ታሕቲ: ናይ ኤሪትራዊያን ልደት ጊዜ ኣብ *Injera Club* (ኢንጀራ ክላብ)

# ሙገታ

Da'aro Youth Project (ዳዕሮ ዩዝ ፕሮጀክት) ዳዕሮ ናይ መንእሰይ ፕሮጀክት ዝተመስረተ በቲ ዘጋጠመ ኣዝዩ ዘጉህይ ኵነታት ሰንኪ እዩ ተመስቲርቱ ወይ ከኣ ተወሊዱ ። ኣብ መንጎ 2017 ስጋብ 2019 ንሕና መንእሰያት ዑቕባ ሓተቲ ኤሪትራዊያን ኣብ ሎንዶን ነብሶም ከምዘጥፍኡ ፈሊጥና ። ከምኡ እውን ምስ እቶም በዚ ሰንኪ ሂዎቶም ዘጥፍኡ ዝተተንከፉ ቤተሰብን ናይ ቀረባ ዝፈልጥዎም ፣ ብዛዕባ ናይ ስነኣእምሮ ጥዕና ሕክምና ነቶም መንእሰያት ዑቕባ ዝሓተቱ ክወሃቦም መታን ተማጉይትና ።

ኣብ 2019 ንሕና ምስ Children's Services (ቻይልድ ሰርቪስስ) ናይ ቆልዑት ክፍሊ ኣገግሎት ኣብ Croydon (ክሮይዶን) ን ኣብ Kingston (ኪንግስቶን) ኣኼባ ክግበር ኣዳሊና ፣ ብዛዕባ እዞም መንእሰይ ሂወቶም ዘጥፍኡ ዘሎውን ብዛዕባ ናይ ስነ ኣእምሮ ጥዕናን ኣብ መንጎ እዞም ዑቕባ ዝሓተቱ መንእሰይ ዝፍጠር ዘሎ ኩነታት ተዘራሪብና ። ከምኡ እውን ኣብ እቲ ዝተዳለወ ኣኼባታት ብ ናይ Croydon Refugee Youth Network (ክሮይዶን ረፉዩጂ ዩዝ ነትዎርክ) ከኣ ተሳቲፍና ኔርና ከምኡ እውን ኣብ Croydon college (ክሮይዶን ኮለጅ) ዝተኻየደ ኣኼባታት ተዓዲምና ተሳቲፍና ኔርና ።

ቤተሰብ ናይ እቶም ሂወቶም ዘጥፍኡ ኣብ ሓዘን ዘለው ከኣ ናይ ሕጋዊ ሓገዛት ክረኽቡ መታን ሓጊዝናዮም ።

# ጉጅለ ዳዕሮ መንእሰይ

ኣብ 2020 ናትና ጉጅለ መብዛሕትኡ ብ ገበርቲ ሰናይን ሓደ ሰብ ተቆጺሩ ዝሰርሕ ሰራሕተኛ ወሲኽና ከንዕብዮ ኪኢልና ኣለና ። ሕጂ ሰለስተ ተቆጺሮም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ናይ ፍርቂ ሰዓት (ፓርት ታይም) ኮይና ኣለና ። Dehab Woldu (ደሃብ ዎልዱ) Operational Manager (ኦፐረሽናል ማናጀር) ናይ ምምሕድዳር ሓላፊት ኮይና ክትሰርሕ ቆጺርናያ ኣለና ። ነዚ ትካል መስራቲት ነዚ ናይ injera club (ኢንጀራ ክላብ) መራሒት ኮይና ከተማሓድርን ፣ ከምኡ እውን ጉዳይ ዕዮ ን ኣብ ማሕበረሰብ ምምሕዳርን ክትሰርሕ ኢያ ። Dehab (ደሃብ) ነዚ  Da'aro Youth Project (ዳዕሮ ዩዝ ፕሮጀክት) ዳዕሮ ናይ መንእሰይ ፕሮጀክት በቲ ዘለዋ ናይ ዓመታት ናይ ሞያ ስራሕ ልምዲን ምስ ዑቕባ ዝሓት መንእሰያት ትሰርሕ እያ ፣ ኣብ ውሽጢ እዚ ማህበረሰብ ከኣ ብጣዕሚ ጽኑዕ ዝኾነ ርክባት ዘለዋ እያ ። Benny Hunter (በኒ ሃንተር) ካብ መራሒ ናይ መንእሰይ ስራሓት ናብ Project Coordinator (ፕሮጀክት ኮኦሪዲነቶር) ፕሮጀክት ምውህሃድ ፣ ዜያዳ ናይ ፊናንስ ምምሕድዳርን ፣ ገንዘብ ናይ ምውጻእን ፣ ካልእ ምስ ኩሉ ዝግበር ዝርርብን ናይ ቤት ጽሕፈት ስራሕን ከካይድ እዩ ። ከም ገበርቲ ሰናይ  Raheal Amare (ራሄል ኣማረ) ከም Sessional Youth Worker (ሰሽናል ዩዝ ዎርከር) ን Dehab (ደሃብ )ኣብ ናይ ጉዳያዊ ዕዮን ነቲ injera club (ኢንጀራ ክላብ) ክካየድ ከሎ ክትሕግዝ ከኣ ኣሚጽና ኣለና ።

ሕጂ እውን ነቶም ገበርቲ ሰናይ ነቲ ዝገብርዎ ትጉህ ስራሕን ዓቕልን ቀጻሊ ምስጋናና ከነቕርብ ንፈቱ ። እዚኦም ከኣ ክልተ ዓመት ጀሚሩ ክሰርሑ ዝጸንሑ: Ruby (ሩቢ)፣ Grace (ግረይስ) ፣ Aden (ኣይደን)፣ Sienna (ሲየና) ፣ Geordie (ጂኦርዲ) ፣ Nahel (ናትናኤል) ን Mikal (ሚካልን) - ከምኡ እውን ነቶም ኣብ ክሽነ መቐረት ዘለዎ መግብታት ዘዳልዋ ን: Nebiyat (ነቢያት) ን  Gnet (ገነት) ን። ከምኡ እውን ነቶም ኩሎም ኣባላት ሕብረተሰብ መግቢ ሰሪሖም ዘምጽኡን ከምኡ እውን መግቢ ክስራሕ ዝሕግዙን ፣ ካልእ ዝኾነ መንገዲ ሓገዛት ዝገብሩ ነዚ Injera Club (ኢንጀራ ክላብ) ዕውት ክኸውን ዝሕጉ ከኣ ምስጋናና ከነቕርብ ንፈቱ ።


ምስ Bella Solomon (በላ ሶሎሙን) ተሓዚት ገንዘብ ተሳናቢትና ፣ ከምኡ እውን ካብ 2021 ንንዮ ጀሚሩ ካልኦት ሓደስቲ ኣባላት ሕብረ ተሰብ ናብ ናይ በዓል ሕድሪ ዝራሕ ክሳተፉ ኣትዮም ኣለው ፣ ከምኡ እውን እቲ ትገብሮ ትጉህ ዝራሕ ናይ በዓል ሕድሪ ሓላፍነት Futsum Kahsa (ፍትጹም ካሕሳ) ን Elaine Chase (ኢለይን ቺይስ)። ከም በዓል ሕድሪ ኮይንኩም ነቲ ትህብዎ ቀጻሊ ሓገዛትን ትጉህ ዝስራሕን ነመስግነኩም ።



# ናይ ፊናንስ ሓፈሻዊ መግለጺ

ኣብ 2018 ነዚ ሓድሽ ፕሮጀክት ክንጅምሮ ኣባና እምነትኩም ብምሃብ ከምኡ እውን ነቶም ገንዘብ ዘዋጽኡልናን ሓገዝ ዝሃቡና ምኽንያት ነዚ ፕሮጀክት ክንጅምሮ ኪኢልና ፣ ነዚ ከኣ ምስጋናና ወሰን የብሉን ። ኣብ መወዳእታ 31 መጋቢት 2020 ድምር ገንዘብ ዝተዋጸአን ብኻልኣት ትካላት ዝተዋህበና ገንዘብ £22,225 መጠን እዩ ኔሩ ።






**ስእሊ 4.**

ኣብ *2019-2020* ገነዝብ ኣብ ምንታይ ኣጥፊእናዮ ። ልዕሊ ፍርቂ ኣታዊ ገንዘብ ናብ መግብታትን ናብ ዘዳለናዮ ምንቅስቓሳት ኣጥፊእናዮ ።

# የቐንየልና

ኣብ 2019 - 2020 ጊዜ ገንዘብ ንምውጻእ ዝሓገዝኩና ኩሉኹም ሰባት ብጣዕሚ ኢና ነመስግነኩም ። እቲ ኩሉ ዝዋጻእ ናይ ሓገዝ ገንዘብ ገለ ገለ ሓንሳብ ጥራይ ገለ ገለ ከኣ ወርሓዊ ዝኸፍሉ ፣ ነዚ ትካል ወርሒ ንወርሒ እንዳዓበየ ክኸይድ ሓጊዝዎ ፣ ንሕና ከኣ እቲ ንህቦ ሓገዝ ነዞም መንእሰያት ክንቅጽልን ንህቦ ሓገዝ ከነዕብዮን ይሕግዘና ። ነቶም ገንዘብ ዘዋጽኡልና ብጣዕሚ ኢና ነመስገነኩም ፣ ብዘይናትኩም እቲ ንሕና ንህቦ ሓገዝን ንሕና ንገብሮ ስራሕ ክንገብሮ ኣይምከኣልናን: Choose Love (ቹስ ላቭ) ፣ ILPA Ltd (ኢ.ለ.ፐኢ. ሊሚትድ) ፣ Lesbians and Gays Support the Migrants (ለስቢያንስ ኣኤንድ ገይስ ሳፖርት ዘ ሚግራንት) ፣ Donate4Refugees (ዶነይት 4 ረፉዩጂ) ን Knights Youth Centre (ናይትስ ዩዝ ሰንተር) ። ን SLRA (ሰ.ለ.ረ.ኦ) ን Celia Sands (ሲላ ሳንድስ) ስለ ኩሉ እቲ ዝገበርኩሙልና ሓገዝ ወሰን ዘይብሉ ምስጋናና ከነቕርብ ንፈቱ ።

# በዓል ሕድሪታት

John **Abraha** (ጆን ኣብርሃ)

Elaine **Chase** (ኢለይን ቸይስ)

Futsum **Kahsa** (ፍጹም ካሕሳ)

Hadgu **Kiflai** (ሓድጉ ክፍላይ)

Berhane **Semere** (ብርሃነ ሰመረ)

Petros **Tesfai** (ጴጥሮስ ተስፋይ)

Yacob **Woldehiwot** (ያቆብ ወልደሂወት)

Nardos **Yemane** (ናርዶስ የማነ)

info@daaroyouth.org.uk

Charity No. 1189245